# ቤት-ትምርህቲ ኣባጽሕ(ኮንቩክስ) ኣገልግሎት ቤት-ንባት ብርሑቕ ይህብ

ብሰንኪ ስግኣት ሓፈሻዊ ለበዳ ቫይረስ ኮሮናን ሕማማ ኮቪድ-19ን፡ ቤት-ትምህርቲ ኣባጽሕ ካብ ሰኑይ ዕለት 6 ምያዝያ ክሳብ 31 ነሓሰ ኣገልግሎት ቤት-ንባብ ብርሑቕ ክህብ እዩ። እቲ ኮፍ ኢልካ ተንብበሉ ቦታ ክሳብ 31 ነሓሰ ዕጹውʼዩ።

## መጽሓፍ ከመይ ገይረ ክልቃሕ እኽእል?

1. ንቤት-ንባብ ብተሌፎን ወይ ኢሜል ተወከሶ።
2. ስምካን ቍጽሪ መንነትካን ሃብ።
3. ኣየነይቲ ወይ ኣየኖት መጽሓፍቲ ክትልቃሕ ከም ትደሊ ሓብረና።

## ብተሌፎን ወይ ኢሜል ተደሃየና

**ሰዓታት ተለፎን**
ሰኑይ-ዓርቢ: 09:00-13:00

**ቍጽሪ ተለፎን:** 011 153914
**ኢሜል:** komvuxbib@norrkoping.se

## ዝተለቃሕኽዎ መጽሓፍ ብኸመይ ይመጻኒ?

እቲ ቤት-ንባብ እተን መጽሓፍቲ መጺኻ ንኽትወስደን ካበየና ዕለት ጀሚረን ድልዋት ምዃነን ክነግረካʼዩ። ነተን መጽሓፍቲ ኣብʼቲ ቀንዲ መእተዊ ቤት-ትምህርቲ ካብ ሰኑይ-ዓርቢ: 08:00-15:00 ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።

## መጽሓፍቲ ምምላስ

ናይ ኩሉ መጽሓፍቲ ዝምለስሉ ዕለት ን12 ሰነ 2020 ተናዊሑ ኣሎ።

ነቲ መጽሓፍቲ ቅድሚኡ ክትመልሶ ምስትደሊ፡ ኣብʼቲ መእተዊ ቤት-ንባብ ዘሎ መምለሲ መጽሓፍቲ ሳጹን ናይ ቤት-ንባብ ኣብኡ ካብ ሰኑይ-ሓሙስ ኣብ መንጎ ሰዓታት 08:00-15:00 ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ።



NORRKÖPING

# ”ቈጸራ ምስ ኣባል ቤት-ንባብ”

ከም’ቲ ንቡር ብተሌፎን ወይ ኢሜል ን30 ደቓይቕ ውልቃዊ መምርሒ ቈጸራ ምሓዝ ዝከኣል ኮይኑ፡ ኣገልግሎት ግን ብተሌፎን እዩ ዝወሃብ።

**ምስ ኣባል ቤት-ንባብ ቈጸራ ትሕዝ:**

- ናይ መጽሕፍትን ኣናብባን ምኽሪ ምስ ትደሊ
- ኣደላልያ ሓብሬታን ነቐፌታ ምንጭን

መጕዳእቲ ወይ ጸገማት ምንባብ እንተለካን ነታ ሌጊሙስ ትበሃል ኣፕ( Legimus) ክትጥቀመላ ምስ ትደሊ መምህርካ ክሕግዘካ ተወከሶ።

# መጽሓፍቲ ምቕዳሕ

ካብ መወከሲ መጽሓፍ ወይ ናይ ትምህርቲ መጽሓፍ ገል ገጻት ክትቕድሕ ምስ ተደሊ፡ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። ብመሰረት ሕጊ መሰል ደራሲ፡ ኣብ ሓደ እዋን እንተ በዝሐ 15 ገጻት ክትቕድሕ ይፍቀድ።.

ኣየነይቲ መጽሓፍን ክንደይ ገጻትን ክትቕድሕ ከም ዝደለኻ ደዊልካ ወይ ብኢሜል ምስ ትሕብረና፡ ቀዲሕና ኣብ ፕላስቲክ ሳንጣ ኣዳሊና ኣብ’ቲ ኣፍደገ መእተዊ ቤት-ትምህርቲ ካብ ሰኑይ - ሓሙስ ሰዓታት 08:00-15:00 መጺኻ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ።